ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

اللجنة القيادية المشتركة
الحزب الديمقراطي الارتري
الحركة الشعبية الارترية
حزب الشعب الارتري

**JOINT LEADERSHIP COMMITTEE**
**ERITREAN PEOPLE'S MOVEMENT**
**ERITREAN PEOPLE'S PARTY**
**ERITREAN DEMOCRATIC PARTY**

ዕለት 17 ታሕሳስ 2009
**ኣርእስተ-ነገር፡- ኣብ ከንያ ዝርከቡ ኤርትራውያን ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ምድሓን**

ክቡር ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተርስ
ላዕለዋይ ኮሚሽነር
ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ጀነቫ

ወይዘሮ ማርዮን ካማራ
ዳይረክተር፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ክፍሊ ኣፍሪቃ

ኣቶ ኣሊስተር ቦልቶን
ላዕለዋይ ዞባዊ ሕጋዊ ኣማኻሪ ንኣፍሪቃ

ክቡር ኣቶ ጉተረስ

ነቶም ናብ ጨቋኒ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ መታን ከይምለሱ፡ ኣብ ናይሮቢ ሞሊቖም ዝተረፉ 12 ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራውያን ዘድሊ ደገፍ ክትገብሩሎም፡ ሕጂ ውን፡ ምሕጽንታይ ናባኻን ናብ መሳርሕትኻን አቕርብ ኣለኹ። ቅድሚ'ቶም ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ፡ ካብ ናይ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ጸጥታን ስለላን ኣካላት ፈሪሖም ኣብ ናይሮቢ ምስዋሮም፡ ብሰበስልጣን ከንያ ናይ ኣጻብዕቶም ኣሻራ ተወሲዱሎም ነይሩ ኢዩ። ሓደ ካብ'ቶም 12 ተጻወቲ፡ ናብ ሓንቲ ካብ ጐረባብቲ ከንያ ዝኾነት ሃገር ሰጊሩ ኣሎ።

ከንያውያን ሰበስልጣን ምስ ናይ ኤምባሲ ኤርትራ ክፍሊ ስለላ ተሓባቢሮም ነቶም ተሰዊሮም ዘለዉ ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ይፍትሽዎም ከምዘለዉ፡ ኣብ ናይሮቢ ዝነበሩ ኤርትራውያን ይሕብሩ ኣለዉ። ረኺቦም ናብ ሃገሮም እንተደኣ መሊሶሞም ከኣ፡ ንዓቢ ሓደጋ ክቃልዑ ምኻኖም ፍሉጥ ኢዩ።

ክቡር ኣቶ ጉተረስ

እዚ፡ ብስም ኣብ ስደት ዝርከባ ሰለስተ ፍሉጣት ተቓወምቲ ውድባት ዝሰደልካ ዘለኹ መዘክር፡ ነቶም ኣብ’ቲ ዞና ዝርከቡ ኣብያተ-ጽሕፈታትኩም ብህጹጽ ኣንቀሳቒስኩም፣ ንህይወት ናይ’ዞም ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ዝነበሩ፡ ሕጂ ድማ፡ ኣካል ናይ’ቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ፡ ካብ’ቲ ጨካን ስርዓት ኣስመራ ዘምለጡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኰይኖም ዘለዉ ከተድሕኑ ዝጽውዕ ኢዩ። ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት እንተደኣ ዋሕስ ክኾኑኖም ምኻኑ ኣረጋጊጹም ድማ፡ ካብ ተሓቢኦምሉ ዘለዉ ቦታታት ክወጹ ክምዝኽእሉ ርዱእ ኢዩ።

ዘድሊ ስጉምቲ ከምእትወስዱ ምሉእ እምነት ከም ዘሎኒ እገልጸልኩም።

የቐንየለይ



ወልደሱስ ዓማር
ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ
ሰ.ዲ.ኤ.፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ